ERTEREYA KUNAMA KOIBISA DEMOKRASIYA SUNADA (ERKUKODISU)
ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ዲምሓኩኤ)
الحركة الديمقراطية لتحرير كوناما اريتريا
DEMOCRATIC MOVEMENT FOR THE LIBERATION OF THE ERITREAN KUNAMA (DMLEK)

**ብምኽንያት በዓል ናጽነት ኤርትራ ብዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ዲምሓኩኤ) ዝወጸ ውድባዊ መግለጺ**

ናጽነት መሬትን ህዝቢ ኤርትራ ንምርግጋጽጽ ትሽዓቲኡ ብሄራት፣ ሰለስቲኡ ሃይማኖታት፣ ክልቲኡ ጾታታት፡ ካብ መግዛእታውያን ሓይሊታት ሓራ ንምውጻእ፡ ኢድ ንኢድ ተታሒዞም ብሓደ ህርመት ን30 ዓመት ዝወሰደ ብረታዊ ቃልሲ ብምኽያድ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ብምኽፋል ናጽነት ኤርትራ ኣረጋጊጾም፡፡ እቲ ዝነበረ ጥምሖን ንያትን ብሄራት ኤርትራ፡ መዓርነት፣ ዲሞክራሲያዊ መሰላት፣ ሰብኣዊ መሰላት ማለት ናይ ምጽሓፍ፣ ምዝራብ፣ ምውዳብ፣ ሰላማዊ ሰልፊ ምክያድ፣ ካብ ቦታ ንቦታ ከም ድላይካ ናይ ምንቅስቓስ መሰላት ብዘይ ምሽርራፍ ተረጋጊጹ፡ ኣብ ሃገሮም ሰላም ረኺቦም፡ ብሓባር ሃገሮም ንከማዕብሉ እዩ፡፡

ኮይኑ ግን፡ እቲ ዝተረጋገጸ ናጽነት፡ መሬት ኤርትራን ማንደራን እንተዘይኮይኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ተመኒዩ ዝተሰወኣሎም መሰላት ዘውሓሰ ኣይኮነን፡፡ ህዝቢ ኩናማ ኣብ መዋእል ገድሊ ናጽነት ምስ የሕዋቱን ኣሓቱን ኢድ ንኢድ ተተሓሒዙን ዘደሊ መስዋእቲ ኸፊሉ ሃገራዊ ናጽነት ከም ዘረጋገጸ፡ ሕጂውን ኣብ መስርሕ ሓድነት ደንበ ተቓውሞን ሓድሽን ምዕቡል ለውጢ ንምርግጋጽ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ተርኡ ከም ዝጻወት በዚ ኣጋጣሚ የረጋግጽ፡፡

ኣብ ኤርትራ ከምቲ ኣቀዲምና ዝጠቀስናዮ ሰብኣውን ዲሞክራሲያዊ መሰላት፡ ብዘይ ገደብ ናይ ምዝራብ፣ ምውዳብ...ወዘተ መሰላት እንተ ዘይተረጋጊጾም፡ ኣብ ኤርትራ ሰላምን ርግኣትን ኣይሰፍንን፡፡ ኣይሰፍንን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ሓድነት ህዝብን ሃገር ኤርትራ ኣብ ሓደጋ እዩ ዘውድቕ፡፡ ስለዚ ሰላምን ርግኣት ዝሰፈና ኤርትራ ክንሃንጽ ዝድለ እንተድኣ ኾይኑ፡ <u>**ብመስዋእቲ ትሽዓትኦም ብሄራት፣ ሰለስቲኡ ሃይማኖታት፣ ክልቲኡ ጾታታት ዘውሓስናዮ ዕላማ ናጽነትና ብዘይ ምሽርራፍ ክረጋገጽ ይግብኦ**</u>፡፡

ነዚ ንምፍጻም ዲሞክራሲያዊ ኣረኣእያ ዝወነኑ ናይ ለውጢ ሓይሊታት ብሓደ ሰሚሮም፡ ነዚ ጸጋታት እዚ ንክፍጽሙ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዞም ክቃለሱ ይግባእ፡፡ እዚ ምስ ዝረጋገጽ ጥራሕ እዩ፡ ኣብ ኤርትራ ፖለቲካን ሃይማኖትን ምትእትታው ዘይብሉ መንግስቲ ወይ ስርዓት መስሪትና፡ ሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራ እነረጋግጽ፡፡

**ቤት ጽሕፈት ዜናን ፕሮፖጋንዳ ዲምሓኩኤ**

**መትከላት ዲምሓኩኤ ንዘልኣለም ክዕንብቡ እዮም!!!**